ሓንቲ ዓለም

## ዕጹው ኣእምሮ

ሽሕኳ ሓንጎል ሰብ ንድሕነት ተባሂሉ ኣብ ውሽጢ ቀረንቀራ ወይ ሽክና ርእሲ ተዓጽዩ ዚነብር እንተ ኮነ፡ ኪሓስብ ከሎ ግን መንደቕ ኣይዓግቶ ጸገማት ኣየርዕዶ። ወድሰብ ብሓሳባቱ ንሰማይ ይዓርግ፡ ንባሕሪ ይስንጥቕ። እቲ ሓሳባት ኣብ ግብሪ ይውዕልሞ ናይ ሮከታትን መራኽቦብን ጉዕዞታት ይጅምር። እቲ ቀጻሊ ናይ ኣእምሮ ብልሓትን ፈጠራነትን ዘይውሱን ሓይሊ ስለ ዘለዎ፡ ሓደ እዋን ደቅሰብ ኣእምሮኦም ብብርቱዕ ዓቕሚ ከም ዚሰርሕ ብምግባር ንመላእ ዩኒቨርስ ኪቈጻጸሩዋ ኢዮም።
ገለ ስብ ግን ንሓንጐሉ ከም ካልእ ክፍሊ ኣካላት (ማለት ከም በዓል ከብዲ፡ ኩሊት) ገይሩ ብምውሳድ፡ ንኣእምሮኡ ካብ ውቅያኖስ ሓንቲ ነጥቢ እውን ትከውን ኣይጥቀመሉን። ንሓንጎሉ ወይ ኣእምሮኡ ከምታ ካብ ፈጣሪ እተቐበላ ከይሰርሓላ ከይከሰበላ ናብ ፈጣሪኡ የረክባ። ከምዚ ብምግባሩ ድማ ዚነኣድ ወይ “ኣገናዕ ኣታ እሙን ባርያ” ዚብሃል ይመስሎ ይከዐውን። ግን ናይ ኣእምሮ ገንዘብ ተዋሂቡዎ ክነሱ ነጊዱ ማለት ሓሲቡ ዘይሃብተመሉ ብምካዩኑ ምናልባት ይቕጻዕ ይክዐውን።
ኣብ ዓለም ከም ሓንጎል ዚሕይል ኣካል የልቦን። ምስ እተከዐፍቶ ንከዑሉ ኪድህስስን ኪመሃርን ይደሊ፡ ከምቲ ዘይኮስኮሶ ስፍራ ኣታክዐልቲ፡ እኮዐክዐን ኣትማንን ኣናጹን ዘፍሪ፡ ዕጹው ኣእምሮ ድማ፡ ናይ ማሪትን ድንቁርናን ፍርህን ቦታ ይከዐውን።
ኣብ ማእከላይ ዘመን ኤውሮጳ፡ እቲ ህዝቢ ንከዑሉ ሕማምን ቃንዛን ብመናፍስቲ ዚመጽእ ገይሩ ይወስዶ ስለ ዝነበረ፡ ዕድመኡ ብፍርህን ጥርጠራን ጽልእን ኢዩ ኣሕሊፉዎ። ገለ ሊቃውንቲ ኣእምሮኦም ከፌቶም ነቲ ሓቂ ኪፈልጡን ኪምርምሩን ምስ ዚፍትኑ፡ ግደፍ ኣይትመራመር፡ መዓት ከይተምጸኣልና ተባሂሉ ይግዘቱን ይእሰሩን ነይሮም።
ይከውንምበር፡ ገለ ተበዓት፡ ነዚ ማሕበራዊ ቀይድዚ በናጢሶም ንህዝቦም ናብ ብርሃን መገዲ ዝመርሑ ነይሮም። ስሞም ድማ ክሳዕ ለይተሎሚ እናተዘከረ ይነብር ኣሎ።
ካብቲ ኪሓስብ ዘይደሊ ሰብ ንላዕሊ ዚድንቁር የልቦን። ምሕሳብ ከም ምካዐድን ምዝላልን ምከሶዓትን ጻዕርን ድካዐምን ይሓትት ኢዩ። ከምቲ ገለ ሰብ ንኣካላቱ ከስርሕ ዘይፈቱ፡ ገለ ሰብ ድማ ንሓንጎሉ ከስርሖ ኣይደልን።
ሓደ ብጻየይ ከም ዘዘንተወለይ፡ ውሑድ ዓመታት ይገብር ምስ ዓርኩ ኣብ ሓደ እንዳ ጽማቑ ይኣትዉ።
“ጽማቑ ኣሎዶ” ይሓትት እቲ ብጻየይ።
“ኣሎ፡ ዘይቱን፡ ኣራንሺ፡ ባናና፡ ማንጉስ......” ትሕብር ኣሰላፊት።
ናይ ነፍስወከፍ ዋጋ ኣርባዕተ ናቕፋ ኢዩ። ብጻየይ ብዋጋ ኣይተገደሰን።
“እምበኣር ዘይቱንን ባናናን ሓዊስኪ ኣምጽእለይ” ይብል።
“ሽሞንተ ናቕፋ ኢዩ ዋጋኡ።” ትምልሽ ኣሰላፊት።
እቲ ብጻይ ከም እተጋገየት ከረድኣ ይፍትን። ፍርቂ ኩባያ ዘይቱን ክልተ ናቕፋ፡ ፍርቂ ኩባያ ባናና ክልተ ናቕፋ። እንተ ደምርካዮ፡ ኣርባዕተ ናቕፋ።
ኣሰላፊት ግን ብፍጹም ኣይከውንን ብምባል ኣብ ሓሳባ ትጸንዕ። ክትሓስብ ኣይደለየትን። እንታይ ገደሳ ትደክም። ንዳንደ እኮ ምሕሳብ ዓቐብ ኢዩ። ከምኡ ኢና ተባሂልና፡ ንባናና ኣርባዕተ ናቕፋ፡ ንዘይቱን ኣርባዕተ ናቕፋ፡ ብምባል ናይ ድንቁርና መዝሙራ እናዘመረት ጠንጢናቶም ከደት።
ብግዜ ደርጊ፡ ዓይነይ ብገለ ምክዐንያት ረክዐሲ ስለ ዝገበረ ክሕከም ናብ ሆስፒታል ዓይኒ እከዐይድ። ናይ ምርኣይ ጸገም እንተ ነበረኒ፡ መነጽር ብምግባር ፍታሕ ረክዒበሉ እየ።
“ዓይነይ ብውሽጢ ስለ ዝቘሰለ ክርእ እየ መጺአ።” እብሎ ነቲ ሓውሲ-ነርስ።
ዘይተጸበኩዐዎ ነገራት የጋጥመኒ። ናብቲ ፊደላት ኤውሮጳ ዝሓዘ ጻዕዳ ሰሌዳ ክጥምት ብምሕባር፤
“እዚ እንታይ ኢዩ?” በለኒ ወዮ ሓውሲ-ነርስ።
ኣታ ሰብኣይ፡ ኣነኮ ምርኣይ ኣይሰኣንኩን። ቁስለይ ክሕከም እየ መጺአ። በጃኻዐ ምስቲ ሓኪም ኣራኽዐበኒ በልኩዎ።
“ብፍጹም ኣይከውንን፡ ቅድም ነዚ ፊደላት ከተንብቦ ኣሎካ፡ ከምኡ ኢና ተባሂልና።”

ዚብል መልሲ ተቐበልኩ። ዕጹው ኣእምሮ፡ እናመሽመሸ ኢዩ ዚከዐይድ።

እቲ ንሓደ ዚፈልጦ ሰብ ረኺቢቡ፡ ኣታ ንስካዐ ዲካዐ ወይስ ሓውካዐ ዝሞተ ኢሉ ዝሓተተኮ ብሓደ ወገን ኪሓስብ ስለ ዘይደለየ ኢዩ። ሓደ ጉድለት ናይ ዓሻ፡ ኪሓስብ ዚህከ ብምካዒኑ ኢዩ።

ኣብ ሓደ ስግርዶብ ክፍለሃገር ከም ኣገልግሎት ክምህር ከሎከው፡ እቲ ቦታ ብኣጉል ብኣምልኮዐታትን ማሪትን ትንቈላን ይፍለጥ ብምንባሩ፡ እቲ ምሳይ ዚቕመጥ ዝነበረ ካብ ስልጡን ከተማ ዝመጸ መምህር ኣዚዩ ተረቢጹ ነበረ።

“ሰባት ናብ ዝብኢ ይልወጡ፡ እንተ ጠሚቶምካዐ ትመውት፡ ንጥይት ደው የብሉዎ፡ ብምፋር ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይጐዓዙ.................” ዚብል ካብ መምህር ዘይትጽበዮ ብፍርሂ እተዓብለለ ሓበሬታ ኣስነቐኒ።

“ንጥይት ደው ዘብል ዓቕሚ እንተ ዚነብሮም ደኣ ከመይ ኢሎም ብጣልያን ይግዝኡ ነይሮም?.... ኣነ ደኣ ምስኦም እንድየ ዝበልዕን ዝሰትን፡ ክጥምቱኒ ድማ ይውዕሉ፡ ከመይ ኢለ ደኣ ዘይሞትኩ?...” ዚብል ሕቶታት ኣዝነምኩሉ።

“እንድዒ፡ ንስካዐ ከኒሻ ግዲ ካዔንካ” በለኒ። ስጋ ሓሰማ ትበልዕ ማለቱ ኢዩ። ስጋ ሓሰማ ድማ ካብ ቡዳ ይከላከዐል ኢዩ ዚብል እምነት ነይሩዎ።

ሓድሓደ ሰብ፡ ነቲ ቅኑዕ መልሲ እናፈለጠ ዘጽቅጥ ኣሎ። ኣብ ናይ ማሪትን ከንቱ ኣምልኮዐን ዓለም ምንባር ደስ ይብሎ። ሳየንስ ጥዑም ኣይኮነን። ነቲ ሓቂ በጢሑ ስለ ዘውጽኦ፡ ንምርኣዩ ይጽለኣካ። ብኣእምሮ ቈልዓ ካዔንካ ምንባር ኣቤት ኪጥዕም!

ብዛዕባ ጸለምቲ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ገዛከዑም ሓረምዝ ኣንበሳ ኣለዉ? ኣብ ገዛከዑም ሸውዓተ ቀርኑ ኣሎኩም? ሓፊሩ። ስዊድን።

ወላ ጸዓዱ
ጥርሑም ኣፍሪቃውያን
ሎሚ ደኣ ስልጢኖም
ሚት
ኣብ ገረብ ትቕመጡ ሊፍት ክንደይ ጽቡቕ